22)ነቶም ትእዛዝ ኣላህ ዝጠሓሱ መምለሲቶም እያ።

لِّلطَّٰغِينَ مَـَٔابًا ﴿٢٢﴾

23)ንነዊሕ ዘመናት ክቕመጥዋ እዮም።

لَّٰبِثِينَ فِيهَآ أَحْقَابًا ﴿٢٣﴾

24)ንነብሶም ዘዝሕል ወይ ንጽምኣቶም ዘርዊ መስተ ኣይለኽፉን እዮም።

لَّا يَذُوقُونَ فِيهَا بَرْدًا وَلَا
شَرَابًا ﴿٢٤﴾

25)ብጀካ ዉዑይ ማይን ብርቱዕ ኣስሓይታን (ወይ ሙግሊ ህዝቢ ጀሃነም) እንተዘይኮይኑ።

إِلَّا حَمِيمًا وَغَسَّاقًا ﴿٢٥﴾

26)ምስቲ ግብሮም ዝሰማማዕ ሕነ እዮም ተፈድዮም።

جَزَآءً وِفَاقًا ﴿٢٦﴾

27)ብርግጽ እዞም ከሓድቲ ጽባሕ ሒሳብ ኣሎ ዝብል እምነት ኣይነበሮምን።

إِنَّهُمْ كَانُوا۟ لَا يَرْجُونَ
حِسَابًا ﴿٢٧﴾

28)በቲ ትእዛዛትና'ውን ብጣዕሚ ኪሒዶምን ኣይኣመኑን።

وَكَذَّبُوا۟ بِـَٔايَٰتِنَا كِذَّابًا ﴿٢٨﴾

29)ኩሉ ነገራት ከኣ ብጽሑፍ በብሓደ ቆጺርናዮ ኢና።

وَكُلَّ شَىْءٍ أَحْصَيْنَٰهُ
كِتَٰبًا ﴿٢٩﴾

30)ጠዓምዎ ደኣ ብጀካ ስቓይ ካልእ ኣይንውስኸኩምን ኢና።

فَذُوقُوا۟ فَلَن نَّزِيدَكُمْ إِلَّا
عَذَابًا ﴿٣٠﴾

31)ትእዛዛት ኣላህ ዝተኸተሉ ሙእሚኒን ብርግጽ ብዓወት ክጎናጸፉ እዮም።

إِنَّ لِلْمُتَّقِينَ مَفَازًا ﴿٣١﴾

32)ጀራዲንን ወይንን።

حَدَآئِقَ وَأَعْنَٰبًا ﴿٣٢﴾

33)ሓደ ዝዕድመኤን ጡብን ዘይወደቀ ጎራዙን።

وَكَوَاعِبَ أَتْرَابًا ﴿٣٣﴾

34)ብመስተ ዝተመለኤ መቓድሕ ክልገሰሎም እዩ።

وَكَأْسًا دِهَاقًا ﴿٣٤﴾

16)ክቡራትን ተኸተልቲ ትእዛዛት ኣላህ ዝኾኑ ብጹኣን እዮም።

كِرَامِۭ بَرَرَةٍ ١٦

17)ይቀዘፍ እዚ ከሓዲ ዝኾነ ወዲ ሰብ ክንደይ ከ እብርትዕ ክሕደቱ?

قُتِلَ ٱلْإِنسَـٰنُ مَآ أَكْفَرَهُۥ ١٧

18)ካብ እንታይ ድዩ ኣላህ ነዚ ሰብ'ዚ ፈጢርዎ ?

مِنْ أَىِّ شَىْءٍ خَلَقَهُۥ ١٨

19)ካብ ፈሳሲ ዝኾነ ዘርኢ'ዶ ኣይኮነን ፈጢሩ ዘስተኻኽሎን፡ ዘመዓራረዮን፡

مِن نُّطْفَةٍ خَلَقَهُۥ فَقَدَّرَهُۥ ١٩

20)ብድሕሪኡ ከኣ መገዲ ቅንዕናን መገዲ ክፍኣትን ከምዝፈልጥ ገበሮ።

ثُمَّ ٱلسَّبِيلَ يَسَّرَهُۥ ٢٠

21)ብድሕሪኡ'ውን ሞይቱ ብኽብረት ከምዝቕበር ገበሮ።

ثُمَّ أَمَاتَهُۥ فَأَقْبَرَهُۥ ٢١

22)ብድሕሪዚ ከኣ ኣላህ ኣብታ ዝደልያ መዓልቲ ኣሕዊዩ ካብ ቀብሩ ከተንስኦ እዩ።

ثُمَّ إِذَا شَآءَ أَنشَرَهُۥ ٢٢

23)ወዲ-ሰብ ግን ጌና በቲ ኣላህ ዝወሰነሉ ትእዛዝ ኣይተማእዘዘን።

كَلَّا لَمَّا يَقْضِ مَآ أَمَرَهُۥ ٢٣

24)ወዲ-ሰብ እስከ ነቲ ናይ ሂወቱ ምኽንያት ዝኾነ መግቡ ይተዓዘብ።

فَلْيَنظُرِ ٱلْإِنسَـٰنُ إِلَىٰ طَعَامِهِۦٓ ٢٤

25)ብርግጽ ንሕና ንማይ ካብ ሰማይ ብዝናም ከዓናዮ።

أَنَّا صَبَبْنَا ٱلْمَآءَ صَبًّا ٢٥

26)ብድሕሪኡ ንመሬት በቲ ዝቡቁል ኣታኽልቲ ጨደድናያ።

ثُمَّ شَقَقْنَا ٱلْأَرْضَ شَقًّا ٢٦

27)ኣብኣ ከኣ ጥረምረ(ጥሬታት) ኣብቆልናልኩም።

فَأَنۢبَتْنَا فِيهَا حَبًّا ٢٧

28)ከምኡውን ወይንን፣ ሉምሉም ሳዕርን።

وَعِنَبًا وَقَضْبًا ٢٨

29)ኣውሊዕን፣ ተምርን።

وَزَيْتُونًا وَنَخْلًا ٢٩

30)ሮሖቲን ዝተሓላለኹ ኣግራብን ዘለዎ ጀራዲን።

وَحَدَآئِقَ غُلْبًا ٣٠

31)ፍሩታን እንስሳ ዝበልዖ ኣቖጽልቲ ኣብቆልናልኩም።

وَفَـٰكِهَةً وَأَبًّا ٣١

32)ምእንቲ ረብሓኹምን ረብሓ ጥሪትኩምን።

مَّتَـٰعًا لَّكُمْ وَلِأَنْعَـٰمِكُمْ ٣٢

